ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Executive Committee
ensf.ex@gmail.com

# መግለጺ ግ.ሃ.ድ.ኤ.
# ብምኽንያት ዓለምለካዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ

ብዙሓት ሃገራትን ዲሞክራሲያውያን ምንቅስቓሳትን፣ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ 8 መጋቢት ኣብ ዘኽብረሉ ግዜ፡ ህዝቢ ኤርትራ ግን ነዛ ታሪኻዊት መዓልቲ'ዚኣ ሓለፉ ካልኦት ብድምቀት ከብዕላ ናይ ግድን ኢዩ። እዚ ዝኾኑሉ ከኣ፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ፣ ስውራ ኤርትራ ንኽዕወትን ሃገርና ኤርትራ ድማ ሓራ ንክትከውንን ዝገበረቶ ኣስተዋጽኦን ዝኸፈለቶ ሰፍ ዘይብል መስዋእትን ኣዚዩ ረዚን ስለ ዝኾነ ኢዩ።

እዛ ታሪኻዊት መዓልቲ ንኽትብዕል ዝተገብረሉ ምኽንያት፡ ተቓለስቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ንምርግጋጽ፡ ድርብ ምዝመዛን ድሑር ባህላዊ ጸቕጢ ዘሰዓቦ፡ ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ግህሰታትን ኣድልዎን ጠጠው ንምባል ዘበገሰኦ መሪር ቃልሲ ንምዝካርን፣ ጌና ብሕጂ ክቕጽል ዘለዎ ቃልሲ ብዓቢ ፍናን ንምኽያድን ዝዓለመ ኢዩ። ስለ'ዚ ኩሉም ምእንቲ ፍትሕን ማዕርነትን ዝቃለሱ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዓለም ኣብ ጎድኒ ተቓለስቲ ደቂ ኣንስትዮ ደው ዝብሉላ ዕለት'ውን ኢያ።

ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ዝካየድ ዘሎ ይኹን፣ ድሑር ባህላዊ ውርሻታትን ግጉይ ሃይማኖታዊ ኣረዳድኣን ኣተራጉማን ዘስዓቦ፣ ዝወረደ ድርብ ወጽዓ ንኹሉ ርዱእን ክብዳህ ዝግበኦ፣ ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ናይ ቃልስና ዕማማት ክኾኑ ይግባእ። ነዚ ድርብ ወጽዓ ጓል ኣንስተይቲ ንምውጋድ ማዕረ ነቲ ፍትሕን ደሞክራስን ንምትካል እንገብሮ ዘሎና ቃልሲ ምስርዑ ናይ ግድን ይኸውን።

ኣብዚ ሎሚ እዋን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፣ ደቂ ኣንስትዮ ዝገብረኦ ዘለዋ ኣስተዋጽኦ ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ፡ ክምቲ ሓፈሻዊ ንህግደፍ ብፍትሓውን ሕጊ ብዝገዝኦ ሕብረተ-ሰብ ንምትካእን ዝግበር ተጋድሎ፡ ተሳትፎ ኤርትራዉያን ማዕረ እቲ ዝጥለብ ዘይምዃኑ፡ ብእኡ ደርጃ ድማ ደቀ-ኣንስትዮ ክጽለዋ ናይ ግድን እዩ። እቲ ርዱእ ክኸውን ዝግባእ ግና ብዘይ ሰፊሕ ተሳትፎ ሓፋሽ ኤርትራዊ ዝረጋገጽ፡ ፍትሒ ይኹን ግዝኣተ- ሕጊ ከምኡውን ደሞክራሲ ብፍጻም የሎን።

ብዛዕባ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ዘለወን ተሳትፎ ምስ እንምልከት፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ኣባላት ውድብና፡ ዝተፈላለየ ውዱታት መኪተን ንሃገራዊ ተራ ወድብና ኣብ ምዕዛዝ ዓቢ ተራ ተጻዊተን ኢየን። ሳላ ልሉይ ኣስተዋጽኦ መላእ ኣባል ውድብን ብፍላይ ድማ ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮና፣ ግሃድኤ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ዕዙዝ ተራ ክጻወት ይርከብ። እዚ ሓያል ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብነታዊ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ኣብ መዛግብ ታሪኽ ብወርቃዊ ቀለም ተጻሒፉ ክነብር ኢዩ።

ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ንኩለን ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ የሃና እናበልና፣ ንግዝኣተ-ሕግን ማዕረነትን ደሞክራስን ዝገብረኦ ዘለዋ ቃልሲ ዝያዳ ከም ዝድንፍዕ ንኽገብራን፣ ኣብ ኣብያተ ማእሰርት ስርዓት ህግደፍ ዝሳቐያ ዘለዋ ሃገራውያን ተቓለስቲ ንምልቃቕ፣ ሕብረተሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ህግደፍ ግቡእ ጸቕጢ ንኸካይድ ጸዑቕ ምንቅስቓስ ከካይዳን ጻዊዕትና ብምቕራብ፡ ዓቕምታት ዝተፈላለየ ማሕበራተን ብሓባር ክጥርንፋ ዘኽእለን ስሙር ነጻ ንቓባዊ ጽላል ከቝማ መድረኻዊ ጠለብ ምዃኑ ደጊምና ከነዘኻኽር ንፈቱ። ውድብና ነዚ ዓቢ ዕማም ንምዕዋት ዝከኣሎ ኣበርክቶ ክገብር ድሉው ምዃኑ ድማ ነረጋግጸለን። ከምኡ'ውን ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ምሉእ መሰላ ንክትጐናጸፍን ህዝብና ካብ ሕሰመን ጭቆናን ህግደፍ ንኽገላገልን ኩሉም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከይ ተሓለሉ ክቃለሱ ምዃኖም ቃልና ነሐድስ።

8 መጋቢት ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር።
ዓወት ንዲሞክራሲያዊ ቃልስና
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና !

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
08/03/2020